orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

Informationen in anderen Sprachen
Informations en langues étrangères
Informazioni in lingue straniere

ስራሕ‘ዶ ክደሊ ወይስ ሓደ ሙያ ክፍጽም?

ናይ ዝተወሰና ዓመታት ጻዕሪ –ውጻኢቱ ድማ ሙሉእ ዕድመ ይስምዓካ

«ኣብ ናይ ብቱን ሸዋት ዝሰርሕ እንተኾይነ፣ ንምንታይዩ ቋንቋ ኣጸቢቑ ክኽእል ዘለኒ? ኣብ ካሳ ስፐርማርኬታት ብዙሕ ጊዜ ደጊመ ደጋጊመ ነዚ ዘይክእሉ ሰባት እርኢ እየ።»
ወይ: *«ሂሳብ ምምሃር ንምንታይ የድልየኒ – እዚ ኣብ ህይወተይ ድሕሪ ሕጂ ኣየድልየንን እዩ።»*
ወይ: *«ኣብቲ እዋን ትምህርቲ ሙያ ገንዘብ ወይ ኣይረከብን እየ ወይ ድማ ውሑድ ገንዘብ እየ ዝረክብ።»*

መብዛሕታኦም ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክልተ፣ ሰለስተ፣ ወይ ኣርባዕተ ዓመት የሕልፉ። እሳታቶም ሓደ ሙያ ክመሃሩ እዮም ዝደልዩ እምበር ሱቕ ኢሎም ክሰርሑ ጥራሕ ኣይኮኑን ዝደልዩ፣ ንሓደ ናይ ተሓጋጋዚ ስራሕ።

ንሓደ ትምህርቲ ምውሳን ውጽኢቱ ንምሉእ ዕድመ ዝጸንሕ ናይ ስራሕ ህይወት እዩ። ንዓኹም እንታይ እዩ ኣገዳሲ? ክመይ ኢኹም ትውስኑ?

መጀመርታ ሓደ ትምህርቲ ክገብር

- ☐ ነቲ ቋንቋ እመልኽ ክምኡ ድማ ጽቡቕ ዝኾነ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣለኒ።
- ☐ ዕለታዊ ሓደ ዓይነት ስራሕ ጥራሕ ኣይኮንኩን ዝሰርሕ፣ ለውጢታት ኣለኒ።
- ☐ ኣብ ጉጅለ ሓሳበይ ከቕርብ እኽእል እየ፣ ምናልባሽ እውን ክውስን።
- ☐ ሓላፍነት ይህልወኒ።
- ☐ ሓለፍተይ ንብዙሕ ስራሕ ይኣምኑኒ።
- ☐ ጻዕሪ ክህልወኒ ከለኹ፣ ሓለፍተይ የመስግንዎ እዮም።
- ☐ ነቲ ስርሒይ ባዕለይ ክዳልዎ እኽእል እየ።.
- ☐ ጽቡቕ መሃያ ኣለኒ።
- ☐ ናይ ከፊል እዋን ስራሕ እንተሰራሕኩ ከማን፣ ጽቡቕ ናብራ ንምንባር እኹል መሃያ እረክብ።
- ☐ ሓዲስ ነገር ክመሃር ክደሊ ከለኹ፣ ስርሒይ ክቕይር እኽእል እየ።
- ☐ ኣነ ነቲ ምዕባለ ሙያይ ክምድብን በብስጉምቲ ከኣ ኣብ ስራሕ ክውዕሎ እኽእል እየ።
- ☐ ቀጻሊ ትምህርቲ ክመሃር እኽእል እየ።
- ☐ እንተ ደልየ ካልእ ነገር ክገብር እኽእል እየ፣ ናይ ሙያይ መዳይ ክቕይር እኽእል እየ፣ ሓዲሽ ትምህርቲ ክጅምር እኽእል።

ብዘይ ትምህርቲ ክሰርሕ

- ☐ ቀልጢፈ ገንዘብ እረክብ።
- ☐ ዕለታዊ ሓደ ዓይነት ነገር እገብር።
- ☐ ስርሒይ ቀሊል እዩ፣ ኣነ ነዚ ስራሕ ቀልጢፈ ተማሂረዮ።
- ☐ ስርሒይ ካብቶም ትምህርቲ ልምዲ ዝገበሩ ምሳርሕተይ ንላዕሊ ንጉልበት ዘድክም ስራሕ እዩ።
- ☐ ምውሳኽ መሃያ ሳሕቲ እየ ዝረክብ።
- ☐ ናይ ስራሕ ቦታ እንተ ቐየርኩ እውን፣ መሃያይ ክብ ኣይብልን እዩ።
- ☐ ናይ ስራሕ ቦታ እንተ ቐየርኩ እውን፣ እቲ ዝረኽቦ ስርሕ ዝማርኽ ኣይኮነን።
- ☐ ካልኦት ኩሎም እንታይ ክሰርሕ ከም ዘለኒ ክነግሩኒ ይኽእሉ እዮም።
- ☐ መብዛሕትኡ ጊዜ ይስልችወኒ እዩ።
- ☐ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ስለዘይገበርኩ፣ ቀጻሊ ትምህርቲ ክገብር ኣይክእልን ኣየ።
- ☐ እቲ ዘስርሓኒ ትካል ዝወሓደ ጠለብ ዘለዎ እንተ ኾይኑ፣ ካብቶም ዝተማህሩ መሳርሕተይ ቀዲመ ኣነ እየ ካብ ስራሕ ዝስንግ።
- ☐ ስራሕ ኣልቦ ምስ ኮንኩ፣ ሓድሽ ስራሕ ንምርካብ ብጣዕሚ ጸጋሚ እዩ። ትምህርቲ ንዘይብሎም ብዙሕ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ የለን።